# መንግስቲ ኢትዮጵያ ንቀይሕ ባሕሪ
# ኤርትራ ልኡላውነት ብቐሉዕ ይደፍሮ

መንግስቲ ኢትዮጵያ ንቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ልኡላውነት ብቐሉዕ ይደፍሮ ከም ዘሎን ዝገብሮ ምድፋር ልኡላውነት ባሕርና ብትሪ እናኾነ

October 2021
እዋናዊ ጉዳያት

ማሕበር ባሕረኛታት ኤርትራ ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ ኣብ ዕቤትን ምዕባለን ኣባላቱ፡ ኣብ ትማልን ሎምን ኮይኑ ንናይ ጽባሕ ሓያል ቍጠባ ንትሃንጽ ሃገርና ኤርትራ ኣበርክቶ ንምግባር ዝሰርሕ ዘሎ ማሕበር'ዩ። ከም ዝፍለጥ ጽላት ባሕሪ ኤርትራ ኣብ ኣዝዩ ጽቡቕ ደረጃ ምንባሩ ዝዝከር ኮይኑ፡ ሚኒስትሪ ሃብቲ ዓሳ ኣጥርዩዎ ዝነበረ ንዋታዉን ሰብኣዉን ዓቕምታትን ምስ ንውሓት ድሰካለ ጽላት ባሕሪ ዝዓኑ ዓንዩ ዝሰደድ ተሰዲዱ ካብ ቅርጺ ትካል ዘይሓልፍ ኮይኑ እዩ።

ሓይሊ ባሕርና'ውን ካብቲ ቀደም ዝዓጠቐ ንዋትን ዓቕሚ ሰብን ብዘይዕቤት እናተዳኸመ ምካዱ ኣዝዩ ዘሰክፍ ኵነት ዘይፈጥር ኣይኮነንን።

መስመር ንግዳዊ መራኽብ ኤርትራ ኣብቲ ጽንኩር እዋን ሰውራ ተመስሪቱ ኣብ ዝለዓለ ዓቕሚ ሰብን ንዋትን በጺሑ ምንባሩ ዝርሳዕ ኣይኮነን። እንተኾነ ድሕሪ 2000 ዓ.ም ከም ዃሳ ዘይብለን ኩብቲ ኮይኑ ዓቕሚ ሰቡ ተሰዲዱ/ተበታቲኑ፣ መራኽቡ ገለ ጥሒለን ገለ ተሸይጠን፡ ገለ ድማ በብዝኸዶኦ ኣብ ናይ ወጻኢ ሃገራት ወደባት ምስ ተዓሸጋ ሰኣን መኽፈሊ ክራይ መዕሸግን ኣገልግሎትን ስለ ዝተሃገራ ጠቕሊለን ጠፊአን።

ከምኡ'ውን ናይ ሰብ ሃብቲ ንግዳዉያን መራኽብ ከም ከረን ሺፒን ላይን ዝኣመሰሉ ዓምቢቦም፡ ፈርዮም ከብቅዑ ክቕጽሉ ዘይከኣሉ ንሶምን መራኽቦምን ኣበይ ኣለዉ ምስ ዝብሃል፡ ብተመሳሳሊ ዘሕዝን መልሲ ኢና ንረክብ።

ኣብ ከምዚ ህሞት ማሕበር ባሕረኛታት ኤርትራ ኵነታትት ብዝፈጠሮ ዘይከም ናይ ካልኦት ጐረባብቲ ሃገራት ኣብ ስደት ተመስሪቱ ብውሑዱ ነቲ ኣብ ፈቐዶኡ ፋሕ ኢሉ ዘሎ ሞያዊ ዓቕሚ ሰብ ብምጥርናፍ ጽባሕ ንግሆ ነቲ ዓንዲ ሕቘ ቍጠባዊ ግስጋሰና ዝኾነ ጽላት ባሕርና ብሞያውን ንዋታውን መበገሲ ዝኸውን ጥርናፈ ፈጢሩ ኣብ ምስራሕ ይርከብ።

ኣብ ርእሲ ዘላታ ተወሰኽታ ኮይኑ ነገሩ፡ ክትግምቶ ዘጸግም ካብ ምጽናት ንጥፈታትት ባሕርና ሓሊፉ ናብ ምድፋር ልኡላውነት ባሕርና ብባዕዳውያን እናዓኾኸ ኣብ ዝመጽኣሉ ዘሎ ወቕቲ ጠመተና ናብዚ ናይ ህላዌ ሕቶ ከተኵር ተገዲዱ።

ማሕበር ባሕረኛታት ኤርትራ፡ ነቲ መትከላዊ ዕላማኡ መሰረት ገይሩ ኣብ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ህሞት ብፍላይ ድሕሪ ዕርቀ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ፈኺም እናበለ ክዓቢ ዝጸንሐ ምድፋር ልኡላውነት ባሕሪ ኤርትራ፡ በብእዋኑ ከሻቕሎ ምጽንሑ ብተደጋጋሚ ገሊጹ እዩ። እዚ ቅሉዕን ወግዓዉን እናኾነ

ዝመጽእ ዘሎ ምግሃስ ልኡላውነት ኤርትራዊ ባሕሪ ምስ ሰቕታዊ ሜላ ባርኾት ዝገዝእ ዘሎ ሓይሊ መንግስቲ ኤርትራ ኣተኩሩ፡ ብዕቱብ ይከታተሎን ይሰንዶን ምህላዉ ካብ ዘለዎ ስክፍታ ዝነቐለ እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ኣዋን ማሕበር ከም መቐጸልታ ናይዚ ምስ ዝተፈላለያ ማዕከናት ዜና ብመንገዲ ኣባላቱ ዝገበሮ ቃለመሕትታት፣ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ብቓላት ኮነ ብኻልእ ደረጃኡ ብእናወሰኸ ዝኸይድ ብዘሎ መልክዕ ልኡላውነት ቀይሕ ባሕሪ ብቐሉዕ ይደፍሮ ከም ዘሎን ዝገብሮ ምድፋር ልኡላውነት ባሕርና ብትሪ እናኹነነ ኵሉ መዳያዊ ቃልሲ ኣንጻርʼዚ ንረብሓ ፖለቲካዊ መኽሰብ ውልቀሰባት መሰረት ዝገበረ ሽርሒ፡ ብኢድኣዙር ዳግመ ጕበጣ ባሕርና ከይፍጸም ንኽንቃለስ ንኹሉ ግዱስ ብሓፈሻ፡ ንሰብ ሞያ ናይዚ ዓውዲ ድማ ብፍላይ ስክፍታና ገሊጽና ኢና።

ብፍላይ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ጽምብል ሽመት ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ፡ ፕረሲደንት ኢትዮጵያ ኣብ ዝሃበቶ መደረ፡ ቀይሕ ባሕሪ ናይ ኢትዮጵያ ዋንነት ኢላ ብዘይሕብእብብእ ክትምድር ከላ ብወገን መንግስቲ ኤርትራ ዜሮ ናይ ተቓውሞ ግብረመልሲ ትርጉሙ ካብ ባርኾት ዘበለቶ ዝሓልፍ ኣይኮነንን። ሎሚ ድሕሪ 30 ዓመታት ናጽነት፣ እቶም ዝነበሩ ውሑዳት ባህላውያን ገፈፍቲ ዓሳ ብፍላይ ኣብ ገማግም ባሕሪ ዝነብሩ ህዝቢ ዓፋር፡ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ናብ ዘበናውነት ንምስግጋሮም ዝተገብረ ጻዕሪ ተዓናቒፉ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብቲ ንዘመናት እናገፈፉን እናነገዱን ዝነብሩሉ ዝነበሩ ቀይሕ ባሕሪ ንኸይሰርሑን በቲ መንግስትና ዝብሉዎ ስርዓት ተኸልኪሎም ከይኣኽሎም፡ ብዝተፈላለየ ምስምስም ተጋፊያምን ተቐቲሎምንʼዮም። ርሑቕ ከይከድና፣ እቲ ኣዝዩ ዘሕዝን ብባርኾት መንግስቲ ኤርትራ ዝኣተዉ ሓይልታት ኢማራት ኣብ ልዕሊ ደቀባት ህዝቢ ደንካልያ ዝወረደ ቅትለትን ግፍዕን ኣብ ግዜኡ ብዝተፈላለያ ማዕከናት ተቓሊሑ ነይሩ እዩ።

ድሕሪ 30 ዓመት ናጽነት ከምዚ ክገጥመና ክትርኢ ከለኻ ሕምቀት ወይ ውድቀት ገዛኢ ስርዓት ዘይኮነ፣ ኮነ ኢልካ ብመደብ በብመድረኹ ዝተሰርሓሉ እዩ ዘብልʼዩ። ዓቐኑን ሓደገኛነቱን ምስ ህሉው ኵነታት ዝፈላለʼኳ እንተኾነ፣ እዚ ብስም ዝተፈላለዩ ሓይልታት፡ ንምስሳይ ሕልሚ ዓባይ ትግራይ ይኹን ዓባይ ኢትዮጵያ ግዝኣታዊ ሓድነት ቀይሕባሕሪ ኤርትራ እናደፈርካ ዝግበር ዘሎ ዘይሓላፍነታውን ዘይሕጋውን ተግባራት፡ ንዞባናን ሃገራትናን ኣብ ገዚፍ ዓዘቕቲ ዝሸምም ሓደገኛ ሕልምታትን ባህግን ናይ ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ደው ኢሉ፡ ኣብ ቅኑዕን ልኡላዉነት ኤርትራን ቀይሕ ባሕራን ኣብ ግምት ዘእተወ ሰናይ ፖሊሲታት ምስ ዘይሕንጸጽ፡ ሓደገኛነቱን ሳዕቤናቱን ነቶም ሃንደስቱ ብቐዳምነት ዝጐድእ ጌጋ መንገዲ እዩ ንብሎም። ብኡ መንጽር ንውልቃዊ ረብሓታቱ ድዩ ስትራተጂያዊ ጥጁእ መደባቱ ከተግብር፡ ንገዛእ ዋንነት ባሕሪ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ንብልጽግና ንፖለቲካዊ ውልቃዊ ረብሓታትቱ ንኸውዕል ልኡላዉነት ኤርትራ ክድፈር ብስቕታ ዝሓልፎ ዘሎ ናይ ሎሚ ገዛኢ ሓይሊ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ከም ኣብ ኵሉ ጽላት ኣብዚ ጽላትʼዚ ትገብሮ ዘለኻ ዕንወት ንኹሉ ዘየርብሕ እዩʼሞ ዓገብ! ምስ ዋናታቱ ክትላዘብን ዋንነቱ ኣኽቢርካ ናብ ዋናታቱ ህዝቢ ኤርትራ ክትመልሶ ንሓትት።

በዚ ኣጋጣሚ ምስ ማሕበር ባሕረኛታት ኤርትራ ብምትሕብባርኩም ብልቢ እናመስገንና ኣብዚ ጉዳይ ዘሎኩም ስክፍታ ዘራጉድ ርእይቶታትኩም ዝሃብኩምና ብልቢ ነመስግን።

**ማሕበር ባሕረኛታት ኤርትራ**